# ኣ.ሽ.ማ.ኤ.ፍ

*ኣወሃዲት ሽማግለ ህዝባውያን ማሕበራት ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን : ምቅርራብ ጉዕዞ ንሰለፊ ጀኔቫ 22.02.2010 ኣመልኪቱ : ኣብቲ ብዕለት 13.02.2010 ዝገበሮ ናይ ሽማግሌታቱ ኣኼባ ኣድቂቑ ብምጽናዕ ምድልዋቱ ኣጻፊፉ :*

*~ ኣብዚ ኣኼባ : ኩሎም እቶም ነዚ መደብ ሰልፊ ናይ ዕለት 22.02.2010 ንምዕዋት ዝተዋፈሩ ሽማግሌታት : ዝዓመምዎ መደባት ስርሖም ብግቡእ ድሕሪ ምግምጋም : ካብ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን : ብኣካል ንሰልፊ ዝኸዱ ልዕሊ 13 ኣውቶብሳትን ከምኡ'ውን ተወሰኽቲ ንኣሽቱ ኣውተቡሳት፡ ዝበርከተ ፌርማታት Petition ኣኪቦም : ነቲ ብነድኢ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብልዕሌና ዝተስገደደ : ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉን ዘሕንኽ እገዳ ባይቶ ውድብ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት : ብስምሪ ተቓውምኦም ንምግላጽ በቲ ሓደወገን :*

*~ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ዘለዎም ሓድነትን ውህደትን ዳግማይ ንምርግጋጽ በቲ ካልእ ሸነኽ : ኣብ ትሕቲ ``ትውፊት ክሳብ ዝበረኽ ሓርነት`` ዝብል ጭርሖ : ከም ኩሉ ብፍቕሪ ሃገሩ ዝነድድ ኤርትራዊ : ዕጥቂ ሃገራውነት ዓጢቖም ተበጊሶም ምህላዎም : ንኹሉ ብፍቕሪ ሃገሩ ዝነድድ ኤርትራዊ : በዚ ኣጋጣሚ ከነበስር ንፈቱ :*

*ጉዕዞና ንሓቅን ፍትሕን ነቲ ዘይተርፍ ዝበረኽ ሓርነትና ንምርግጋጽ ስለዝኾነ !*
*ዓወትና ናይ ግድን እዩ !*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝክርን ንጀጋኑ ሰማዕታትና !*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ኣ.ሽ.ማ.ኤ.ፍ*
*13.02.2010*